ክንዝክሮም ስነኪነታዉያን መማህራና!
ዋላ እንተተፈልዩ ብመንፈስ ምሳና!
ብገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን/ቕርጀ/ጀርመን
29 ግንቦት 2009

ዓደየ ዓደየ ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ
በዓል መንዮም ዝጠለሙ
ነብስሄር ኣቦና ኣተዉ ብርሃን ሰጊድ

ጀግና መምህር ህዝቡ ኣተዉ ብርሃን ሰጊድ
ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ መልእኽቱ ዘንጎድጉድ
ብገዛእቲ ዘይርዕድ ዝስዉድ ዝምንጉድ
ራዕዲ ዘእትወሎም ዘበሎም ዕብድብድ
ብገንዘብ ዘይሰድዕ ንጸላእቱ ዘይሰግድ
ሃገረይ ባሃላይ ንመግዛእቲ ወጊድ።

እምብኣርከስ እቶም ሽዑ ንሃገር ዝጠለሙ
ዋላ ንግዚኡ እንተተሸሙ
ቃልሲ ግን ቀጸለ ኣይተረፈን ቂሂሙ
ብዉሑዳት ተጀሚሩ ሰዉራ ዝስሙ
ንገዛእቲ ክጸርጎም ብረት ተሸኪሙ
ነጻነት ኣረኪቡ ጸላእቱ ደርዕሙ
ሕጅዉን እንሆዉልካ ዳግማይ ዝጠለሙ
ንሓፋሽ ጠሊሞም ረብሓኦም ዘቐደሙ
ጠለምቲ መብጸያኦም ብህዝቢ ዝተረግሙ
ዓገብ ንዝበሎም ዘጠቅሩ ዘጸልሙ
ርእይቶኡ ዘቕረበ ዝቅንጽሉ ዝስምሙ
ብሰላም ተለሚኖም ዝተሐስሙ
ብኸምኡ ክነብሩ ዝትስፈዉ ዝሓልሙ
ንህዝብና ዝጭፍልቕ ብሓባር ኣልሚሙ
ትቃራረብ ኣላ መዓልቶም ከምቶም ዝቀደሙ
ብማዕበል ሓፋሽ ክጭርገፉ ክጭልገሙ
ሃገረይ ዝበለ ከማኻ ግን ኣይርሳዕንዩ ስሙ።

ዉድቀት ንጠላማትን ወደስቶምን
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና
ዓወት ንወጹዕ ህዝብና